tarjimly.org | ነጻ-ክፍሊት

ብቋልጡፍ ተርጓማይ ርኸቡ፡፡

እቲ ዘድልየኩም ትርጓመን ምስትርጓምን፡ ኣብዝደለኹሞ ግዜ፡ ብነጻ [ብዘይ ክፍሊት]፡ ካብ ኣብ ምሉእ ዓለም ዝርከቡ ተርጐምቲ ብቐሊሉ ካብ ተሌፎንኩም ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም፡፡

ብነጻ ክትጅምሩ ትኽእሉ፡ በዚ መንገዲ፤

1 Tarjimly ተበሃል ኣፕሊኬሽን ዳውንሎድ ግበሩዋ / ናብ ተሌፎንኩም ኣውርዱዋ

Download on the App Store

GET IT ON Google Play

2 ናትኩም ሓድሽ ኣካውንት ከፊትኩም ተመዝገቡ



እቲ "I need a translator" ዝብል ምረጹ

ሽዑ፡ ኤመይልኩም ከፊትኩም ኣረጋግጹዎ

3 ፕሮፋይል ወይ መዝገብ ናይ ኣካውንትኹም ጽቡቕ ገርጉም ሓበሬታ ምልኡዎ፡ ምእንቲ ምስቲ ቀንዲ ዘድልየኩም ሰብ ከነራኽበኩም



4 እቲ ዝደለኹሞ ቋንቋ መሪጽኩም፡ ካልእ ዘድሊ መንፊት ወይ ፊልተር ድማ ምረጹ

ድሕሪኡ "Start Request" ጽቕጡ



5 ሽዑ ምስ ተርጐምቲ ክትራኽቡ ኢኹም

ሽዑ ድማ ጽሑፍ ኤስኤምኤስ፡ መልእኽቲ ድምጺ፡ ወይውን ንሰለስተ ሰባት ዘራኽብ ተሌፎን ክትድውሉ ትኽእሉ ኢኹም



6 ምስወዳእኩም፡ ነቲ መዕለሊ-ቦታ ወይ ሰሽን ዓጺኹም፡ ከምይ ከም ዝኸደ ተርታ ዝህብ ምርጫ ትመሉዎ፡፡



ኣገዳሲ ሓበሬታ ቅድሚ «ታርጂምሊ» ምጥቃምኩም

ምእንቲ ኣብ «ታርጂምሊ» ዝበለጸ ግዜ ከተሕልፉን ውልቃዊ ሓበሬታኹም ምእንቲ ስቱር ክኸውንን፡ ብኽብረትኩም ነዚ ዝስዕብ ብጥንቃቐ ኣንብቡዎ።

ድሕነት ነብስኹምን ሓበሬታኹምን ሓልዉ

1. **ኣገልግሎት ትርጓመ ካብታ ኣፕሊኬሽን ወጻኢ ኣይትውሰዱዎ።**
   ካብቶም ኣብ «ታርጂምሊ» ወለንታዊ ግዜኦም ዘወፍዩ ተርጓሚቲ እንተደኣ ካብታ ኣፕሊኬሽን ወጻኢ ኣገልግሎት ትርጓመ ትረኽቡ ኣለኹም፡ ንነብስኹምን ነቶም ተርጓሚቲን ኣብ ድንገት ወይውን ውሕስነት ዘይብሉ ኩነታት ከተእትዉ ትኽእሉ ኢኹም።

2. **ካብ ተርጓሚቲ፡ ዝኾነ ይኹን ካልእ ኣገልግሎታት ኣይትሕተቱ፡ ኣይትቀበሉ ኸኣ፡ ወላ ባዕላቶም ይወፍዩልኩም።**
   ዝኾነ ይኹን ካልእ ኣገልግሎታት ኣይትቀበሉ ካብ ተርጓሚቲ፡ ወላ'ውን ሓጋዚ እንተኾነ ወይውን ብቅንዕና ክሕግዙኹም እንተደለዩ።

3. **ንተርጓሚቲ ዝኾነ ይኹን ርእይቶ ወይ ምኽሪ ኣይትሕተቱዎም።**
   ተርጓሚቲ መንነኛታት ክኾኑ ስለዘለዎም (ወገን ዘይሕዙ ማለት'ዩ)፡ ናታቶም ፖለቲካዊ፡ ሃይማኖታዊ፡ ከምኡውን ሞራላዊ (ስነምግባራዊ) መትከላቶም ከካፍሉ / ክነግሩ ኣይግብኦምን'ዩ። ዝኾነ ምኽሪ ወይ ውልቃዊ ርእይቶ ናቶም ምሕታት ኣወግዱ። ተርጓሚቲ ንኽትርጉሙ ጥራይ ኢዮም ዝመጹ።

4. **ኩሉ ውልቀሰብ ዘመልክት ሓበሬታ ስቱር ግበሩዎ።**
   እዚ ማለት፡ ዝኾነ ሓበሬታ ብዛዕባ ሓደ ሰብ መን ከም ምኗኑ ከመልክት ወይ ክገልጽ ወይ ከቃልዕ ዝኽእል ማለት'ዩ፡ ብቐጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ መንገዲ። ገለ ኣብነታት ናይ'ዚ፡
   a. ምሉእ ስም
   b. ቁጽሪ ሶሻል ሰክዩሪቲ (Social Security Number [SSN])
   c. መልኣኺ ኣድራሻ
   d. ቁጽሪ መንነታዊ ወረቐት
   e. ቁጽሪ ተሌፎን

ድሉዋት ኳንኩም ጽንሑ።
ቅድሚ ተርጓማይ/ሚት ሃሰስ ምባልኩም፡ ጽምዋ ቦታ ረኺብኩም፡ ካልእ ስራሕ ከይህልወኩም ኣረጋጊጽኩም፡ ጽቡቕ ሲግናል ወይ ኮኔክሽን ከምዘለኩም ፈሊጥኩም፡ ከምኡድማ ኣብ መንጎ ምእንቲ ከይትቋረጹ እኹል ባትሪ ከምዘለኩም ኈርኩም፡ ሽዑ ተርጓሚቲ ትድውሉ / ትጽዉዑ።

እንተደኣ ነቶም ተርጓሚቲ ብኢንተርነት ኈርኩም ኣለኹም

1. ምስ ነብስኹም ኣላልዩዎም፡
   ንኣብነት፡ «ሰላም። ኣነ (ቀዳማይ ሽም) እባሃል። ካብ (ሽም ሃገር) ኢየ። ሎሚ ደልየዮ ዝነበርኩ (ንምንታይ ትርጓሜ ከም ዝደለኹም ኣብዚ ትገልጹሎም)። ብግምተይ እዚ ትርጓሜ (ክንዚ ግዜ) ኣቢሉ ይወስድ ኢየ ዝብል። ክትትርጉሙለይ'ዶ ምኽኣልኩም፡ መጀመርያ ኣነ ንክስቶ (ሽም ናይቲ ዓሚል ወይ ትርጓሜ ዘድልዮ

ሰብ)፡ ብቕጥታ ድማ ናብኡ ክዛረብ'የ።»

2. ሃዲእኩምን ጽሩይ ጌርኩም ተዛረቡ፡ ብቕኑዕ ምእንቲ ክትርጉምልኩም ድማ ኣብ መንጎ ምሉኣት-ሓሳባት ሓንሳእ ደው ኢልኩም ክሳዕ ዝትርጉም ተጸበዩዎ ።

3. ብተርጓማይ ጌርኩም እንተደኣ ምስ ካልእ ሰብ ክትዛረቡ ትፍትኑ ኣለኹም ምስቲ ካልእ ሰብ ብቕጥታ ተዛረቡ [ኣብ ክንዲ ነቲ ተርጓማይ "ከምዚ በለለይ" ምባል]
ንኣብነት፡ "ሰንበት ሳዓት 5 ድ.ቀ. ኣብቲ ሆስፒታል ርኸበኒ" ምባል ይሓይሽ ኣብ ክንዲ "ኣብቲ ሂስፒታል ሳዓት 5 ድ.ቀ. ርኸበኒ ኢሉኩም በሉም"

ዝኾነ ሕቶ እንተለኩም፡ ኣብዚ ኢሜይል ስደዱልና team@tarjim.ly